# ናብቲ ኮሚሽን ሓሳባትካ ምእታው ኣመልኪቱ

ብጽሑፍ ኣዳሊኻ ንኸተእቱ ተዓዲምካ ኣለኻ። ብዛዕባ ኣብ ናይ ካናዳ ፌደራላዊ ናይ ምርጫ መስርሕን ዲሞክራሲያዊ ትካላትን (ምስ ናቲ ኮሚሽን ስልጣን ብዝራኸብ፣ “ዲሞክራሲያዊ ትካላት” ክብሃል ከሎ ንፓርላማን ኣፈጻምቲ ክፍልታት የመልክት) ናይ ወጻእ ሓይልታት ጣልቃ ምእታዋት ኣመልኪቱ ንዘለዎም ተሞክሮታት፣ ትዕዝብትታትን ሓሳባትን ንኽካፍሉዎ እቲ ኮሚሽን ንኹሉ ኣባላት ሕብረተሰብ ይዕድም ኣሎ። ነእተቕርቦም ሓሳባት መምርሒ ዝኾኑ ኣብ ታሕቲ ክትረክብ ኢኻ።

ከለ ክፋል ናይቲ ኮሚሽን ስልጣን፣ እቶም ብፉሉይ ንናይ ወጻኢ ሓይልታት ጣልቃ ምእታው ቁሉዓት ክኾኑ ንዝኽእሉ፣ ቀቢላውን ባህላዊ ማሕበረ ኮማት ንዘለዉዎም ተሞክሮታት ምምርማርን ሪፖርት ምግባርን እዩ። ኣባላት ናይ ዳያስፖራ ማሕበረ ኮማት ናብቲ ኮሚሽን ብጽሑፍ ዝተዳለዉ ሓሳባቶም ብምቅራብ ምስቲ ኮሚሽን ክዋስኡ ይተባብዑ።

ክሳዕ ጁላይ 31, 2024 ዝኣተዉ ኹሉ በቲ ኮሚሽን ክንበቡን ኣብ ግምት ከእትዉን እዮም።

## ናብቲ ኮሚሽን ንዝኣቱ ጽሑፋትክሙም ኣብ ምድላው ክትስዕቡዎም ዘለዉኹም መምርሒታት።

ንጽሑፋትክሙም ኣብ ዝተኻእለኩም ኣቀድም ኣቢልኩም ንኸተእትዉ ትተባብዑ። መዓስ ንጽሑፋትኩም ከተእትዉ ከም ዘለኩም ኣመልኪቱ ተዋሳኺ ሓበሬታ ኣብ ትሕቲ ኣብ ታሕቲ ኣብ ዝርከብ “ኣገደስቲ ሓበሬታታት” ክርከብ ይከኣል።

ክሳዕ ጁላይ 31, 2024 ዝኣተዉ ኹሉ በቲ ኮሚሽን ክንበቡን ኣብ ግምት ከእትዉን እዮም። ዘእተኻዮ ጽሑፍ በቲ ኮሚሽን ብጽሑፍ ወይ ኣብ እዋን ናይቲ ኮሚሽን ሕዝባዊ ናይ ምስማዕ እዋናት ክርቋሕ ወይ ክጥቀስ ይኽእል እዩ። ንስኻ ብጽሑፍ ፍቓድ እንተ ዘይሂብካ፣ እቲ ኮሚሽን ከም ስምካ ወይ ናይ ኢሜይል ኣድራሻኻ ንዝኣመሰሉ ዝኾኑ መለለዪ ሓበሬታታት ኣይከቃልሕን እዩ። ዘእተኻዮ ጽሑፍ ክርቋሕ ወይ ክጥቀስ እንተ ዘይደሊኻ፣ ኣብ ልዕሊ ጽሑፍካ ብግልጺ “confidential” ዝብል ጽሓፈሉ።

ንጽሑፍካ ኣብ እተዳልወሉ እዋን፣ ነዞም ዝስዕቡ ኣብ ግምት ንኸተእቱ ትተባባዕ፤

- ብዛዕባ ምሳኻ ርክብ ምስ ዘለዎም ተሞክሮታት፣ ከከም ኣድላይነቱ ንጹር ጌርካ ጽሓፈ፣
- እቲ ኮሚሽን ክፈልጠልካ ኣብ እትደልዮም ኣገደስቲ ነገራት ኣተኩርን፣
- ንሓሳባትካ ሓጺርን ትኩረቱ ዝሓለወ ግበሮ።

ንሓሳባትካ በቲ ንስኻ ዝመረጽካዮ ቋንቋ ጽሓፎ። ንጽሑፍካ ዘዳለኻዮ ካብ ፈረንሳን እንግሊዝን ወጻኢ እንተ ኾይኑ፣ ኣብቲ መጀመርታ ጽሑፍካ ኣየናይ ቋንቋ ከም እተጠቀምካ ግለጽ።

ንጽሑፍካ ኣብ ምድላው እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓገዝቲ ክኾኑ ይኽእሉ፤

- **ንስኻ መን ኢኻ?** ሓገዝቲ ሓበሬታት ከም ዕድሜኻ፣ ስራሕካ (ዝምልከት እንተኾይኑ)፣ ከምኡ ውን ምስ ናይ ዳያስፖራ ማሕበረኮም ንዘሎካ ርክብ ወይ ተሳትፎነት የካትቱ።
- **ምስ ናይ ካናዳ ፌደራላዊ ምርጫታት ወይ ዲሞክራሲያዊ መስርሓት በኸመይ ኣገባብ ተሳቲፍካ ትፈልጥ?** ሓገዝቲ ሓበሬታት ከም ዝኾነ ዘሎካ ፖለቲካዊ ኣባልነታትን ምትእስሳራትን፣ ከም ሕጹይ ምሻም ኣብ ዝኣመሰሉ ውሽጣዊ ናይ ፓርቲ መስርሓት፣ ምስ ናይ ፌደራላዊ ናይ ምርጫ መስርሕ፣ ወይ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ መስርሕ ብኣጠቃላሊ (ንኣብነት፣ ንሓደ ሕጹይ ብወለንተኛነት ምስራሕ፣ ኣብ ጎስጓሳት፣ ሎቢዪንግ፣ ሓገዝ ምልጋስ ወይ ምርጫ ምስታፍ) ዘለዉ ተሳትፎነታት ከካትቱ ይኽእሉ
- **ኣብ ናይ ፌደራላዊ ምርጫታት ወይ ዲሞክራሲያዊ መስርሓት ብናይ ወጻእ ሓይልታት ብዛዕባ ዝግበር ጣልቃ ምእታዋት እትፈልጦ እንታይ ኣሎ?** ሓገዝቲ ሓበሬታታት፣ ከም ንስኻ እትፈልጦ ናይ ወጻእ ሓይሊ ጣልቃ ምእታው ኣሎ ዶ፣ ብዛዕባ እዚ ናይ ወጻእ ሓይሊ ጣልቃ ምእታው ብኸመይ ፈሊጥካን፣ በዚ ናይ ወጻእ ሓይሊ ተዋሳኢ ኣብ ናይ ካናዳ ናይ ፌደራላዊ ምርጫታት ወይ ዲሞክራሲያዊ መስርሓት ጣልቃ ናይ ምእታው ፈተነታት ብዝራኸብ ንስኻ ግዳይ ኔርካ እንተኾይንካ፣ ንዝኣመሰሉ የካትቱ።
- **ኣብ ናይ ካናዳ ፌደራላዊ ምርጫታትን ዲሞክራሲያዊ መስርሓት ብኸመይ ኣገባብ ብናይ ወጻእ ጣልቃ ምእታው ተጸሊኻ?** ሓገዝቲ ሓበሬታት፣ ከም ኣብ ጥዕናኻ፣ ርክባትካ፣ ናይ ስራሕ ህይወትካ፣ ወይ ኣብ ካልኦት ተሞክሮታትካ ንዘጋጠሙ ለውጥታትን፣ ምስ ከም ኣኸበርቲ ሕጊ ወይ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈታት፣ ኣገልግሎታት ወይ ምስ ናይ ወጻእ ሓይልታት ጣልቃ ምእታው ርክብ ምስ ዘለዎም ኤጀንሲታት ምስ ዝኣመሰሉ በዓል ስልጣናት ወይ ምንጭታት ንዝገበርካዮም ዝኾኑ ርክባት፣ ንዘሎ ሓበሬታት የካትት።
- **ንዘጋጠመ ናይ ወጻእ ሓይሊ ጣልቃ ምእታው መልሲ ወይ ግብረ መልሲ ሂብካ ኔርካ ዶ?** ሓገዝቲ ሓበሬታታ፣ ከም ምስ ኣኸበርቲ ሕጊ ወይ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈታት፣ ኣገልግሎታት ወይ ምስ ናይ ወጻእ ሓይልታት ጣልቃ ምእታው ርክብ ምስ ዘለዎም ናጻ ፌደራላዊ ትካላት ንዝህልዉኻ ዝኾኑ ርክባት የካትት። ነዚ ናይ ወጻእ ሓይሊ ጣልቃ ምእታው መልሲ ኣብ

ምሃብ፣ ካብ ኣኸበርቲ ሕጊ፣ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈታት፣ ኣገልግሎታት ወይ ናጻ ፌደራላዊ ትካላት ሃገዝ ሓቲትካ ወይ ተቀቢልካ ኔርካ እንተኾይንካ፣ እቲ ሓገዝ ክሳዕ ክንዴናይ ሓገዚ ከም ዝነበረን፣ ካልእ ዝሓገዙኻ ነገራት እንተለዉ እቲ ኮሚሽን ክፈልጥ ይደሊ እዩ።

- **እቲ ኮሚሽን ክፈልጦ ወይ ኣብ ግምት ክእትዎም እትደሊ ካልኦት እንታይ ኣለዉ?** ሓገዝቲ ሓበሬታት፣ ከም ንናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ብኸመይ ተለልዮ፣ ትከላኸሎ ወይ ትቃለሶን፣ ካብ ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ንሰባት ብኸመይ ትከላኸለሎም ወይ ትድግፎም ከም ትኽእል ርክብ ንዘለዎም ሓሳባት ወይ ርእይቶታት የካትቱ።

## ጽሑፋትካ ናብቲ ኮሚሽን ምስዳድ

ንጽሑፍካ ናብቲ ኮሚሽን ብኢሜይል፣ ቡስጣ፣ ወይ ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ብዘሎ መገዲ ተጠቂምካ፣ ብኢንክሪፕሽን መልእኽቲ ናይ መስደዲ ኣፕ Signal ጌርካ ክትሰዶ ትኽእል። ጽሑፍካ ኣብ ምእታው ብዝምልከት ዝኾኑ ሕቶታት እንተለዉኻ፣ ወይ ብዘይ ዘድሊ መሳለጥያ ብጽሑፍ ንሓሳባትካ ከተእቱ ዘይኽኣልካ፣ ምስቲ ኮሚሽን ብ consultation@pifi-epie.gc.ca ተራኸብን፣ ኣባል ናይቲ ኮሚሽን ምሳኻ ምእንቲ ክራኸብ ቁጽሪ ስልክኻ ጸሓፍ።

### ኢሜይል

ንጽሑፍካ ናብቲ ኮሚሽን በዚ ዝስዕብ ናይ ኢሜይል ኣድራሻ ክተእቱ ትኽእል፤

consultation@pifi-epie.gc.ca

### Signal

ናብቲ ኮሚሽን ብመገዲ ኢንክሪፕሽን ተጠቂምካ ናይ መስደዲ ኣፕ ንኽትሰድድ ጽቡቕ ዝስምዓካ እንተ ኾይኑ፣ በቲ ናይ ብሕታዊ ናይ መሰንጀር ኣፕ - Signal ክትሰድድ ትኽእል ኢኻ። ናይቲ ኮሚሽን ናይ Signal ተጠቃሚ ሽም፤ signal_pifi_epie20.24

### ቡስጣ

ነቲ ጽሑፍካ ብመደበኛ ቡስጣ ጌርካ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትሰደልና ትኽእል ኢኻ፤

Public Inquiry into Foreign Interference
90 Sparks St
Basement - 04
Ottawa, ON K1A 0H9

## ኣገደስቲ ዕለታት

እቲ ኮሚሽን ኣብ ፎል 2024 ህዝባዊ ናይ ምስራዕ መደብ ከካይድ እዩ፣ እዚ ኸኣ ነቲ ኮሚሽነር ናብ ፌደራላዊ መንግስቲ ሓሳባት ኣዳሊኻ ኣብ ምሃብ ክሕግዙዎ ንዝኽእሉ ናይ ምስማዕ መደባት ዘካተተ ይኸውን። እዞም ናይ ምስማዕ መደባት ዝካየዱሎም ዕለታት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ዝኾነ ጽሑፍ ቅድሚ **ጁላይ 31, 2024** ክኣቱ ይግባእ።